# ምኽፋል ትምህቲ ሙያን ቀጻሊ ትምህርትን

## ንትምህርቲ ሙያን ቀጻሊ ሙያን ኣብ ስዊዘርላንድ ክንደይ ይኽፈል?

- ቀዳማይ ደረጃ（ንመዋእለ ሕጻናትን/ቅድመ ቤት ትምህርትን ወሲኹ）ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ፣ ብሓፈሽኡ እተን ናይ መጀመርታ 11 ዓመታት ግቡእ እዋን ትምህርቲ፣ ንኹሎም ኣብ ስዊዘርላንድ ንዝነብሩ ቆልዑን መንእሰያትን ብነጻ እዩ። ኣብ ስዊዘርላንድ መብዛሕትኦም ቆልዑ ኣብ ናይ መንግስቲ ቤት ትምህርቲ እዮም ዝመሃሩ። እንተኾነ ግን ንኹለን ደረጃታት ውልቃዊያን ቤት ትምህርታት ኣለዋ፤ ነቶም ተመሃሮ እዚ ዋጋ ከከም ቀረቡ፣ ትሕተ ቅርጺ፣ ዓማዊልን ዓድን ብጣዕሚ ይፈላለ እዩ፤ ንዓመት ካብ 10‘000.- ክሳብ 15‘000.- ፍራንከን（ብዘይ መደቀስን ምግብን）ንታሕቲ ዘተኣማምን ቀረብ ዳርጋ የለን።
- ናይ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ኣስተምህሮ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ሙያን ኣብተን ካብ ትካል ወጻኢ ዘለዋ ኮርሳትን ብነጻ እየን። ነቲ ኣብ ትካል ዝግበር ተግባራዊ ትምህርቲ ልምዲ ኩሎም ተምሃሮ ናይ ተምህሮ መሃያ ይረኽቡ እዮም፣ ከከም ዓይነት ሙያን ዓመት ትምህርትን ኣብ ወርሒ ካብ 300.- ክሳብ 1‘600.- ፍራንከን ይኽፈል እዩ።
- እቲ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ኣብ ናይ መንግስታዊ ወይ ድማ ድጎማ ዝግበረሉ ናይ ሙሉእ እዋን ቤት ትምህርቲ፣ ንምሳለ ኣብ ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ንግዲ፣ ዝፍጸም እንተ ኾይኑ፣ እቲ ናይ ትምህርቲ ቀረብ ብነጻ እዩ። ኣብ ውልቃዊያን ኢንስቲታት ንዘሎ ትምህርቲ ሙያ（ንምሳለ ኣብ ቤት ትምህርቲ ንግዲ）ገንዘብ ይኽፈል እዩ፤ ሓደ ናይ 3-ዓመት ትምህርቲ ሙያ ንግዲ ኣብ ሓደ ውልቃዊ ቤት ትምህርቲ ንግዲ ከባቢ 17‘000.- ፍራንከን እዩ ዋግኡ። ነቲ ተግባራዊ ልምዲ ናይ ልምዲ መሃያ ትቕበሉ፣ እዚ መሃያ ካብ ዉሑዳት 100 -ታት ፍራንከን ክሳብ ልዕሊ 1‘000.- ፍራንከን ኣብ ወርሒ እዩ።
- እተን መንግስታዊያን ዝኾና ጊምናዝየምን ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ሙያን፣ ነቶም ናይ መቐበሊ ፈተና ዝሓለፉ መንእሰያት፣ ኣብ መብዛሕትኤን ካንቶናይ ብመሰረቱ ብነጻ እዩ። ውልቃዊያን ጊምናዝየማት ኣብ ዓመት ካብ 10‘000.- ክሳብ 15‘000 ፍራንከን ክኽፈል ይኽእል እዩ።
- ክሳብ መፈጸምታ ናይ ሓደ ፈተና ሙያ (BF) ወይ ድማ ዝለዓለ ፈተና ዓውደ ሙያ (DF)፣ ክልተ ኣገደስቲ ዝኾና ቀጸልቲ ትምህርቲ ድሕሪ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ፣ ብግምት ካብ 10‘000.- ክሳብ 15‘000.- ፍራንከን ከም ዝኽፈል ኣብ ግምት ክኣቱ ኣለዎ።
- መጠን ዋግኡ ክንዲ እቲ ን BF ን DF ዝኽፈል ዝኸውን እውን ንትምህርቲ ዝለዓለ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ሙያ ES ይኽፈል እዩ።
- ንናይ መንግስታዊያን ዩኒቨርስታት ዓውደ ሙያ ዓመታዊ ክፍሊት ብግምት ካብ 1‘000.- ክሳብ 2‘000.- ፍራንከን እዩ፣ ነተን ውልቃዊያን ትካላት ትምህርቲ ብግምት ካብ 3‘500.- ክሳብ 5‘000.- ፍራንከን ይኽፈል፤ ንዩኒቨርስታትን ንፌደራላዊያን ቴክኒካዊ ዩኒቨርስታትን ETH/EPF ዝኽፈል ክፍሊት ዳርጋ ዝመሳሰል ኮሎ ዋግኡ ግን ኣጸቢቑ ልዕል ይብል，（ክሳብ ብግምት 4‘000.- ፍራንከን）።

**ኣገዳሲ:** እዘን ኩለን ኣብ ላዕሊ ተጠቒሰን ዘለዋ መጠን ዋጋታት፣ ኣብ ስዊዘርላንድ ትምህርቲ ሙያን ቀጻሊ ትምህርትን ክንደይ ከም ዝኽፈሎ ምእንቲ ክትፈልጥዎ ተባሂሉ ዝተጻሕፈ እዩ። እዚ ዋጋታት ከከም ዓዲ፣ ኢንስቲቱሽንን ቀረብን ክብ ዝበለ ወይ ድማ ኣጸቢቑ ዝለዓለ ክኸውን ይኽእል እዩ። ኣብ ልዕሊኡ እውን እዚ ዋጋታት ክውስኽ ይኽእል እዩ፣ እዚ ማለት ድማ ድሕሪ ሓደ ክልተ ዓመት ከምብሓድሽ ክውስኽ ይኽእል እዩ።

ከተስተውዕልዎ ዘለኩም ድማ፣ ትምህርቲ ዩኒቨርስቲ ንወጻእተኛታት ክብ ዝበለ ክፍሊት ክኽፍላ ከም ዝኽእላ እዩ፣ ወይ ድማ እቶም ኣብቲ ቤት ትምህርቶም ዘለዎ ከይኮነስ ኣብ ካልእ ካንቶን ዝነብሩ፣ ብዙሕ እዋን ኣብ ልዕሊ እቲ ዋና ዝኽፈል ተወሳኺ ክፍሊት ዝኽፍሉ ከም ዝኾኑ እዩ።

ኣብ ልዕሊኡ ድማ እዚ ነቲ ኣስተምህሮ ዝኽፈል ዋጋ ጥራሀ እዩ። ካልኦት ተወሰኽቲ ዋጋታት ንመምሃሪ መጻሕፍቲ፣ ንናውቲ፣ ንዑደት፣ ንኽፍልታት ቤት ትምህርቲ ወ.ዘ.ተ. ክኽፈል ይኽእል እዩ። ውልቃዊያን ቤት ትምህርታት ኣብ ልዕሊ እዚ እውን ንምግቢ ካብኡ ሓሊፈን እውን ንመደቀሲ ቀረባት ኣለወን፣ በዚ ምኽንያት ድማ እቲ ዝኽፈል ዋጋ ኣጸቢቑ ንላዕሊ ዝደየበ ይኸውን።

እስኹም ሓደ ትምህርቲ ሙያ ወይ ድማ ቀጻሊ ትምህርቲ ክትመሃሩ መዲብኩም እንተ ኼንኩም፣ ክሳብ ትምህርትኹም ትውድኡ፣ ነቲ እዋናት ትምህርትኹም፣ ከመይ ጌርኩም ነዚ ኩሉ ዓመታዊ ክፍሊታት ክትሽፍንዎ ከም እትኽእሉ፣ ኣቐዲምኩም ክትጽብጽብዎን ክትሓስቡሉን ኣለኩም።

ሓደ ሓደ እዘን ቀረባት ኣሰነይቲ ሙያ እየን፣ እዚ ማለት ከኣ ፍርቂ እዋን እንዳሰራሕኩም ንመነባብሮኹምን ንትምህርትኹምን ገንዘብ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም ማለት እዩ። ንመብዛሕትኤን ቀረባት ግን ከምኡ ክትገብሩ ኣይትኽእሉን ኢኹም።

ስለዚ ቁጠባዊ ደገፍ ንንኽትረኽቡ ክትፍትኑ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ ሓደ ሓደ ጉዳያት ካብ መንግስቲ ናይ ትምህርቲ ክፍሊት፣ መሃያ ተምሃሮ ወይ ድማ ለቓሕ ንትህምርቲ ክትረኽቡሉ ትኽእሉሉ መገዲ ኣሎ። እዚ ግን ነቲ ኹሉ መነባብሮኹም ክሸፍን ኣይክእልን እዩ። ውልቃዊያን ትካላት እውን ሳሕቲ ትምህርቲ ክትመሃሩ ምእንቲ ክትክእሉ፣ ደገፋዊ ክፍሊት ይህባ እየን። ደገፋዊ ክፍሊት እውን ሓደ ሓደ እዋናት ካብ መንግስቲ ብመልክዕ ለቓሕ ንትህምርቲ ይወሃብ እዩ። መሃያ ተምሃሮ ብመንግስቲ ዝኽፈል ክፍሊት ክኸውን ከሎ፣ ለቓሕ ንትህምርቲ ግን ድሕሪ ምውዳእ ትምህርቲ ተመሊሱ ክኽፈል ኣለዎ፣ መብዛሕትኡ እዋናት ምስ ወለዱ። ውልቃዊያን ትካላት እዋን ለቓሕ ንትህምርቲ ይህባ እየን፣ ንምሳለ ባንክታት ወይ ድማ ዘለቅሓ ትካላት። ቅድሚ ለቓሕ ንትህምርቲ ወይ ድማ ለቓሕ ዕዳ ምውሳድኩም፣ ሕሰቡሉ ከምኡ ድማ ጽቡቕ ጌርኩም መድቡ፡ ነቲ ገንዘብ መዓስን በየናይ ቅድመ ኩነትን ኢኹም መሊስኩም ትኸፍሉ? መጠን ወለድ ክንደይ እዩ? ብፍላይ ንውሑድ ለቓሕ ዕዳ ዝኽፈል ወለድ ብዙሕ ጊዜ ኣጸቢቑ ብዙሕ እዩ፤ ከም ግቡኡ ካብ መንግስቲ ዝሓሸ ቅድመ ኩነታት ክትረኽቡ ትኽእሉ።

ንቁጠባዊ ሕቶታት ናይ ግድን ነቶም ንሙያ፣ ትምህርቲ ዩኒቨርስቲን ምዕባለ ሙያን ዘማኽሩ ተወከሱ። እሳቶም እንታይ ዓይነት ስጉምታት ክትወስዱ ከም እትኽእሉ ከማኽሩኹም ይኽእሉ እዮም ከምኡውን ምስ ኻልኦት፣ ንእዋን ትምህርቲ ሙያን ቀጻሊ ትምህርትን ዘድሊ ቁጠባዊ ደገፍ ሓላፍነት ምስ ዘለዎም ቤት ጽሕፈታት (ንምሳለ ኣማኸርቲ መሃያ ተምሃሮ) ከራኽቡኹም ይኽእሉ እዮም።

## ሓበሬታት

ኣብዚውን ርኣዩ http://stipendien.educa.ch/de (deutsch)
ኣብዚውን ርኣዩ http://boursesdetudes.educa.ch/fr (français)
ኣብዚውን ርኣዩ http://borsedistudio.educa.ch/it (italiano)